nystateofhealth™
The Official Health Plan Marketplace



ሓጺር ጭቡጥ ሓበሬታታት ብዛዕባ

# እቲ መሰረታዊ ትልሚ

## ብኸመይ ይምዝገብ፤

**nystateofhealth.ny.gov**

ወይ

**1-855-355-5777** ወይ
**TTY: 1-800-662-1220**

ወይ

ኣብ ጥቓ ገዛኻ ወይ ስራሕኻ ዝርከብ ካብ ዝተመስከረሉ ሓጋዚ ብኣካል ዝዋሃብ ናጻ ሓገዝ።

## ብቛንቛይዶ ክትሕግዘኒ ትኽእል፤

ብቴሌፎን ወይ ውን ብኣካል ብቛንቛኻ ሓገዝ ኣለና።

## መዓስ ክምዝገብ ይኽእል፤

ናይ መሰረታዊ ትልሚ ምዝገባ ሙሉ ዓመት ክፍት እዩ።

**NY State of Health** ናይ ፌደራል ሲቪል መሰላት ሕግታትን ናይ ክፍለግዝኣት ሕጊታትን ኣኽቢሩ ዝሰርሕ ትካል ከም መጠን ምኽኑ፣ ኣብ ዘርኢ፣ ሕብሪ ቆርበት፣ ብሄራዊ መበቆል፣ እምነት/ሃይማኖት፣ ጾታ፣ ዕድመ፣ ኩነታት ሓዳር/ስድራቤት፣ ናይ ቤተማእሰርቲ መዝገብ፣ ናይ ገበን ፍርዲ(ታት)፣ ጾታዊ መንነት፣ ወሲባዊ ባህሪ፣ ብዘርኢ ዝውረሱ ባህሪታት ወይ ኩነታት፣ ኩነታት ውትህድርና፣ ናይ ዘቤታዊ መጥቃዕቲ ግዳያት ኩነታት ከምኡድማ/ወይድማ ሕነ ምፍዳይ ዝተደረኹ ኣድልዎታት ኣይፍጽምን።

## Essential Plan እንታይ እዩ፤

ናይ ጥዕና መደብ ንነበርቲ ኒውዮርክ። ካብ ካልእ ናይ ጥዕና መደባት ዋጋኡ ዝንደል እዩ። ሓደ ዓይነት መሰረታዊ ጥቅምታት ድማ ይህብ።

## መን ክዕድጎ ይኽእል፤

ኣታዊታቶም ትሑት ዝኾነን Medicaid ወይ Child Health Plus ዘይምልከቶምን ሰባት።

| መጠን ናይ ስድራቤት | ላዕለዋይ መጠን እቶትካ |
|---|---|
| 1 | $24,280 |
| 2 | $32,920 |
| 3 | $41,560 |
| 4 | $50,200 |

## ዋጋኡ ክንደይ እዩ፤

$20 ን ወርሒ — ወይ ከኣ ኣብ መዓልቲ ትሕቲ ሓደ ዶላር ወይ ውን ብነጻ።

## ገንዘብ ክቁጥብ ዝሕግዘኒ ካልእ መዳያትከ ኣለዎዶ፤

**መጓድልቲ (DEDUCTIBLE)** ዝብሃል የብሉን፡ ስለዚ እቲ መደብ ንናይ ጥዕናኻ ወጻኢታት ብቐጥታ ክኸፍል ይጅምር።

**ናይ መከላኸሊ ኣገልግሎት ብነጻ (FREE PREVENTIVE CARE)** ትረክብ፡ ንኣብነት ተደጋጋሚ ናይ ዶክተር መርመራታት ከምኡ ውን ጥዕናኻ ንምዕቓብ ዝግበሩ መርመራታት።

## Essential Plan እንታይ የጠቓልል ወይ ይሽፍን፤

ምስ ካልኦት መደባት ሓደ ዓይነት ሽፈነ ዘለዎ እዩ።

- ናይ ዶክተር ምብጻሓት፡ ፍሉይ ክእለት ንዘለዎም ሓካይም (specialists) ውን የጠቓሃልል
- ብዶክተርካ ዝተኣዘዘ መርመራታት
- ዝተኣዘዘልካ መድሃኒታት
- ኣብ ውሽጢ ሆስፒታል ወይ ውን ናብ ሆስፒታል ብምምልላስ ዝግበር ሕክምና